ላምበት ዝያዳ ድሕንነት ከም ዚህልዋ ገበረ - VAWG

# ጽማቕ ስትራተጂ

2023 / 2024

**እቲ ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ኣዋልድን ዚወርድ ዓመጻ (VAWG) ስትራተጂ 2021-27 ኣብ ጥቅምቲ 2021 ተሓቲሙ እዩ። ላምበት ንኹሉ ሰብ ካብ ጾታዊ ዓመጻ ድሕንነት ዘለዎ ኸባቢ ኽም ዝኾነት ከምኡውን ነቲ ኣብ 2030 ላምበት ሓንቲ ኻብተን ኣብ ለንደን ዝርከባ ዉሑሳት ዝኾና ኸተማታት ንምግባር ዘሎና ራኢ ዝገልጽ ኢዩ።**

ዘቤታዊ ዓመጽ፡ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ምቑራጽ፡ ብዘይ ድሌት ምምርዓው፡ ን 'ኣኽብሮት' ዳተባህለ ዝጽዋዕ ዓመጻ : ጾታዊ ምዝመዛ፡ ጾታዊ ዓመጻ፡ መብዛሕቱ ግዜ ብ ደቂ ተባዕትዮ ዝፍጸም ንደቂ ኣንስትዮን ኣዋልድን ዝያዳ ግዳይ ዝገብር ትንኮሳን ኣፈራራሒ ባህርያትን፡ እንተኾነ ግን ዝኾነ ይኹን ጾታ ዘለዎም ሰባት ናይዚ ባህሪ ግዳይ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ሳዕቤኑ ኸኣ ንኹሉ ሰብ ክጸሉ ይኽእል ኢዩ። **እቲ ስትራተጂ ንናይ ላምበት ቀዳምነት ዘወሃቦ ሸቶታት፡ ቀዳምነታት ከምኡዉን ተወፋይነት ንሽርክናታት ኣብ መንጎ ትካላት ከምኡ እዉን ነበርቲ ናይዚ ከባቢ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ኹሉ ዓይነት ዓመጻን ሃስያን ንምክልኻልን ንምጥፋእን ክሰርሑ ዝገልጽ እዩ ።**



## ድጋፍ ካብ ክኢላታት

1 ኵሎም እቶም ግዳያት ከምኡ እዉን ካብ ሓደጋ ዝደሓኑ ሰባት ኣብ ብውልቂ ዜድልዮም ነገራትን መንነቶምን ምርኩስ ብምግባር ሓገዝ ንኽረኽቡ ናበይ ክኸዱ ከም ዘለዎም ይፈልጡ እዮም ።

2 ግዳያት ከምኡ እዉን ካብ ኵሉ ዓይነት ገበናት ናይ VAWG ዝደሓኑ ሰባት ናጻ፡ ብርእሶም ዚመሓደሩ፡ ፍርዲ ወይ ወንጃሊ ብዘይብሉ ከምኡውን ምስጢራዊ ብዝኾነ መንገዲ ደገፍ ከም ዚወሃቦም ይፍለጥ እዩ።

3 ደገፍ ድሕሪ ሓደገኛ እዋን ደው ኣይብልን እዩ ።

4 ብሰንኪ ካልእ ዘይማዕርነት ብዝያዳ ኣብ ሓደጋ ዘለዉ ተቓማጦ ዘሕለፍዎ ናይ ሂወት ተመክሮታት ኣገዳሲ እዩ ።



## ብሓባር ምዕያይ

1 ተቐማጦ: ማሕበረሰባት: ትካላት ግብረ - ሰናይ: ናይ ንግዲ ትካላት ናይ ሕጊ ትካላት ከምኡውን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላት ኮይኖም ብማዕረ ሽርክነት ዝሰርሑ ዝዓዩ ኢዮም።

2 ኣብ መንጎ ሽርክነታትን ማሕበረሰብን ኣብ ዚወሃብ ኣገልግሎት ዚዓዩ ኽኢላታት፡- ን ሃስያ ኣፍልጦ ምሃብ፡ ናይ ዘጋጠመ ሕማቕ ተሞክሮ በሰላ ዘለዎ ጽልዋ ምርዳእ፡ ኣብ መንጎ እተፈላለየ ዓይነት VAWG ምትእስሳር ምፍጣር፣ ንተለዋዋጢ ባህሪ ናይ ሓደገኛ ኩነታት ምርዳእ፣ እተገለሉ ጕጅለታት ዜጋጥሞም ሓደጋታት ምርዳእ፣ ነቲ ዚግለጽ ሓበሬታ ግቡእ ምላሽ ይህብ፣ ነቶም ግዳያትን ካብ ሓደጋ ንዝደሓኑን፡ ንደቆም ከምኡውን ነቶም ገበነኛታት እንታይ ደገፍ ክረኽቡ ከም ዝኽእሉ ምፍላጥ፣ ነቶም ግዳያትን ነቶም ካብ ሓደጋ ዝደሓኑን ዉሕስነት ምሃብ ቀዳምነት ምስራዕ።

3 ጽቡቕ ልምዲ ምልላይን ንምኽታሉ ምትብባዕን ከምኡውን ከነስተንትንን ክንመሃርን ምትብባዕ።

## ማሕበረሰብ ዚህቦ ምላሽ

1 ኵሉ ዓይነት ዘይማዕርነትን ኣድልዎን እንተላይ ግጉይ ኣተሓሳስባ ኣብ ኩሉ ዝተረኽበ ኣጋጣሚ ይብዳህ እዩ።

2 ተቐማጦ ላምበት ኲኦ ማሕበረሰባት ንኹሉ ዓይነት ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ኣዋልድን ዚወርድ ዓመጻ (VAWG) ዝወርድ ማህሰይቲ ይፈልጥዎ፡ ብኸመይ ከም ዜለልይዎ ይፈልጡ ከምኡውን ግዳያት (VAWG) ምስ ዝኾኑ ወይ ድማ ንኣባላት ስድራቤቶም፡ ፈታዊኦም፡ ጐረባብቶም ወይ መሳርሕቶም ይድግፍዎም እንተደኣ ሃልዮም ሓበሬታን ምኽርን ኣበይ ከም ዚረኽቡ ይፈልጡ እዮም።

3 ኣብ ላምበት ዚነብሩ ዅሎም ሰባት ዓመጽን ሃስያን ክተርፍ ዘይክእል ነገር ከም ዘይኰነ ይፈልጡ እዮም ።

4 ህዝባዊ ቦታታትና ዉሕስነት ዘለዎም እዮም ስለዚ ድማ ደቂ ኣንስትዮ: ኣዋልድ ከምኡውን ምስ ጾታ ዘይሰማማዕ ተቐማጦ ኣብ ጐደናታት: መናፈሻታት: መደበራት መጓዓዝያ: ኣጋይሽ ዝዓርፉሉ ቦታታት ከምኡውን ዕዳጋታት ኸይፈርሁ ናጻ ኹይኖም ክንቀሳቐሱ ዘኽእሎም እዩ።

## ቈልዑን መንእሰያትን

1 ኵሎም ናይ ላምበት ቆልዑን መንእሰያትን ብዛዕባ ምስምማዕን ብዛዕባ ጥዑይ ርክብን ይርድእዎ እዮም ከምኡዉን ካብ ኩሉ ዓይነት ናይ VAWG (ገበናት ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ደቅንስትዮን) ገበናት ዉሕስነት ዘለዎም እዮም።

2 ብዝኾነ ይኹን ዓይነት ናይ VAWG (ገበናት ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ደቅንስትዮን) ተመክሮ ዘሕለፉ ወይ እተጐድኡ ቈልዑን መንእሰያትን ካብ ማህሰይቲ ንኽሓውዩን ኣወንታዊ ናብራ ንኽነብሩን ካብ ካልእ ሓደጋታት ዉሕስነት ክህልዎምን ናይ ክኢላታት ደገፍ ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም።

3 እቶም ምስ ቈልዑን መንእሰያትን ናይ ላምበት ዚሰርሑ ናይ VAWG (ገበናት ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ደቅንስትዮን) የለልዩ፡ ተለዋዋጢ ባህርያት ምዝመዛን ግህሰትን ከምኡ እዉን ኣብቲ ዉልቃዊ ድሌታቶምን መንነቶምን ምርኩስ ብምግባር ብቕልጡፍ ግብረ መልሲ ምሃብ።

4 ቈልዑን መንእሰያትን ካብ ስድራቤቶም ወጻኢ ጕድኣት ዝወረዶም ቦታታት (ከም ኣብያተ - ትምህርቲ: መናፈሻታት: መደበራት መጓዓዝያ ከባቢኻን ኣብ ኦንላይን ዝኣመሰለ) ኣፍልጦ ተዋሂብዎምን ዉሕስ ቦታታት ክኾኑ ተገይሮምን።

5 ጽልዋ ናይቲ ቈልዑን መንእሰያትን ዘሕለፍዎ ተመክሮ ናይ VAWG ብመንጽር ዝሰፍሐ ዓመጻ፡ መዋቕራዊ ዘይማዕርነት ከምኡውን ኣድልዎ ዘሕድሮ ጽልዋ ይፍለጥ እዩ። ስጉምቲ ምውሳድ ብባህሊ ግቡእ ኢዩ ነቲ በሰላ ድማ ይንክዮ ኵሎም ቈልዑን መንእሰያትን ከኣ ሓጐስን ጥዕናን ዘለዎ ናብራ ንኽነብር የኽእሎም ።



## ካብ ገበነኛታት ዝመጽእ ጕድኣት ምንካይ

ካብ ገበነኛታት ዚወርድ ጕድኣት ምንካይ ሸቶታት/ናይ ነዊሕ ግዜ ውጽኢት፡-

1 እቶም ገበነኛታት ባህርያቶም (ከምኡውን ጠንቂ ናይዚ ባህርያቶም) ብድሆ ገጢምዎን ናብ ተሓታትነት ድማ ቀሪቦም እዮም ።

2 እቶም ገበነኛታት ብዛዕባ እቲ ሕማቕ ባህርያቶም ንኼለልይዎ፡ ግቡእ ስጉምቲ ክወስዱ ከምኡ እዉን ነዚ ባህርያት ጠጠዉ ከብልዎን ብዝተኻእለ መጠን ብዝቐልጠፈ ሓገዝ ክረኽቡ ይተባብዑ እዮም።. እዞም ግብረ መልሲ ድማ ጾታዊ ግብረመልስታት፡ ምሕባር ናይ ሕማቕ ተመኩሮ ከምኡዉን ብባህላዊ ብቑዕ ዝኾነ መንገዲ እዩ።

3 ገበነኛታት ደገፍ ወይ ኣገልግሎት ኪረኽቡ ኸለዉ ክኢላታት ግቡእ ምላሽ ኪህቡሉ ዘኽእሎም ፍልጠትን ክእለትን ኣለዎም ።

4 ግቡእ ኣብ ዝኾነሉ እዋን: ገበነኛታት ይኽሰሱ ነቶም ግዳያትን ነቶም ካብ ከምዚ ሓደጋ ዝደሓኑን ንምክልኻል ድማ እተፈላለየ ዓይነት ናይ ገበናዉን ሲቪላዊ ስልጣንን ይጥቀሙ፡ እቶም ግፍዒ ዝወረዶም ከኣ ኣብዚ ኣገባብ እዚ ምትእምማን ኣለዎም እዩ።

5 ማሕበረሰብ ብዛዕባ VAWG ዝያዳ ፍልጠት ከም ዚህልዎ ንምግባር፡ ጥዑይ ርክብ ንምምስራት ከምኡውን ነቲ ጎዳእቲ ጠባያት ንኽምዕብል ጠንኪ ዝኸዉን ጐዳኢ ኣረኣእያታት ንምቅዋምን ግቡእ ድጋፍን ስልጣንን ይወሃቦም እዩ።

6 እዚ ኣገልግሎት ነቲ ሓደ ገበነኛ ዜጋጥሞ ተወሳኺ ተኣፋፊ ዅነታት ይርድኦን ምላሽ ይህበሉን እዩ ፣ ኲይኑ ግና ዓመጽን ህስያን ወትሩ ብምርጫኻ ዝግበር ምዃኑ ንጹር እዩ ።



# መደብ ስጉምቲ

እቲ ዓመታዊ መደባት ዉጥናት ነቲ ሽርክነት ኣብ ግምት ብምእታው ዝተነድፈ እዩ ከምኡዉን ኣብ ውሽጢ እቲ ሽርክና ዘለዋ እተፈላለያ ትካላት ነቲ ኣብ ላምበት ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ኣዋልድን ዝወርድ ዓመጻ ንምጥፋእ ዘኽእል ዝወሰድዎ ቐንዲ ስጉምትታት ድማ ይጠቅስ ። እቲ ናይ ቀዳማይ ዓመት መደባትን ዉጥናትን ኣብቲ ነዚ ሓድሽ ኣገባብ ስራሕ ንምዕያይ ዘኽእል መሰረት ምንጻፍን ከምኡውን ነቶም ዉጥናት ምምዕባልን ጽልዋኦም ንምምዕባልን ዘድሊ መሰረት ዘተኲረ ኢዩ ነይሩ ።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ተግባር ዕቤት ከም ዝገበርና ንምሕባር ስሩዕ ሕብርታት ኮድ ዘለዎ ኣገባብ ንጥቀም ኢና ።



## ብክኢላታት ዝወሃብ ደገፍ

ምጅማር ኣብ ማሕበረሰብ እተመስረተ ነቲ እተፈላለየ ድሕረ ባይታ ዘለዎ ነባሪ ዜንጸባርቕ ኣገልግሎት።

ቆልዑን ኣብ ብጽሕና/ጕርዝውናን ዘለዉን ኣብ ልዕሊ ወለዲ ዚወርድ ዓመጻ ዚልለየሉን ግብረ መልሲ ዚወሃበሉን መገድታት ምምዕባል።

ነቲ ዘሎ ኣገልግሎት ኣዛይዶ ።

ነቲ ኣብቲ ኸባቢ ዘሎ ዓመጻ ንምርዳእ ነቲ ኣብቲ ኸባቢ ዘሎ ሓበሬታ ተጠቐመሉ።

ናይ ጉጅለ ስራሕ: ናይ ምሕዋይ ዓንኬላት ከምኡዉን ኣብ ናይ ምሕዋይ መስርሕ ነቶም ግዳያትን ካብቲ ሓደጋ ዝደሓኑ ሰባትን ድጋፋት ንምሃብ ዝስራዕ ፕሮግራማትን።

ብተሞክሮ ዝሰልጠኑ ጉጅለ ኪኢላታት ንዕዮና ኣብ ምቕራጽ ዝሕግዙ ።

ምስ ናይ መላእ ለንደን ከምኡዉን ብሃገር ደረጃ ዝተመስረቱ ኣገልግሎት ሓቢርካ ምስራሕ፡ እዚ ዘጠቓልሎ ድማ ናይ ዓባይ ሎንዶን ምምሕዳር ከምኡዉን ናይ ቤት ጽሕፈት ከንቲባ ናይ ፖሊስን ገበንን ክፍሊ (MOPAC) ኮይኖም እዚ ድማ ነቶም ን ኣብ ሎንዶን ዝርከቡ ናይ VAWG ግዳያትን ካብቲ መጉዳእቲ ብህይወት ዝተረፉ ሰባትን ዝኸዉን ናይ ሰብ ሞያ ድጋፍ ዘለዎ መንበሪ ቤት ንኽህሉ ንምግባር እዩ። እዚ ዘጠቓልሎ ድማ ምድላው መዕቆቢ ዘቤታዊ ግህሰት: ከምኡውን ነተን ብዙሕ ጸገማት ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ዚኸውን ድጋፍ ዘለዎ መንበሪ ቤትን እዩ ።

## ብሓባር ምዕያይ

ናይ VAWG ሻምፕዮናት፡ ካብ እተፈላለየ ናይ ማሕበረሰብ ጉጅለታት፡ ግብረ - ሰናይ ትካላት፡ ኤጀንሲታት፡ ናይ ንግዲ ትካላት ከምኡውን ካብ ናይ እምነት ማሕበራት ዝመጹ ክኢላታትን ተቐማጦን ምስልጣን እዩ።

ኣብ ኩሉ እቲ ሽርክና ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ምዝያድ።

ምንጪ ናይ እተፈላለየ ዓይነት ስልጠናን ሓበሬታን ዉሑስ ምግባር።

ዝሰፍሐ ተሳትፎ ብምርግጋጽ ሽርክናታት ብምምሕያሽ ።

ኣብ ኩሉ እቲ ሽርክና ዚርከባ ትካላት ክብሪ ጻዕዳ ሪበን ንምርካብ ክጽዕራን ኪረኽቦኦን ምትትብባዕ።

ምምሕያሽ ምክፍፋል ሓበሬታ፡ ክትትል ምግባር ከምኡውን ድሕነት ምሕላው።

ነቶም ድሌታት ናይ ግዳይ ጾታዊ ምዝመዛ ዝኾኑ ሰባት ብዝበለጸ ንምምላእን ነቶም ንዓታቶም ዝሕግዝዎም ሰብ ሞያ ንምድጋፍን ተባሂሉ ናይ ጾታዊ ምዝመዛ ከምኡዉን ጉድኣት ፓነል (SEHP) ምምዕባል።

## ማሕበረሰብ ዚህቦ ምላሽ

ናይ ማሕበረሰብ ናይ መሳተፊ መደባት ምምዕባል ከምኡዉን እዚ መደባት ምስቲ ዝሰፍሐ ሽርክነት ናይ ሓሳብ ንሓሳብ ናይ ምልውዋጥ መደብ ከም ዝሰማማዕ ምግባር።

ምምዕባልን ምምስራትን **ክኢላታት ብተመክሮ** ኣብ ግዜ ምኽክር ዝተሓበሩ ፓነል (ምትእኽኻባት) ከምኡዉን ርኽበታት ናይ ምስ ኣብቲ ኸባቢ ዘለዉ ግዳያትን ካብቲ መጉዳእቲ ዝደሓኑ ሰባትን እተገብረ ዋዕላታት።

ሓቢርካ ክትዓዪ ኣለካ ምስ እቶም **ክኢላታት ብተመክሮ** ፓነላት (ምትእኽኻባት) ምስራዕ ንምድላዉ **መድረኽ ንናይ ካብቲ መጉዳእቲ ዝደሓኑ**, ብዛዕባ VAWG ናይ ሂወት ተሞክሮ ዘለዎም ሰባት ብምትእኽኻብ ነቲ ምትእትታዉ ቅርጺ ንምትሓዝ።

ምድላዉ ከምኡዉን ምግምጋም ንናይ **ዉሕስነት ዘለዎም ጐደናታት** መደባት ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ።

ምምሕያሽ ድሕንነት ኣንስትን ኣዋልድን ጎኒ ጎኒ ምስቲ **ናይ ደቀንስትዮ ናይ ለይቲ ድሕንነት ቻርተር** ከምኡውን **ጥሕሰት ንናይ እዋን ለይቲ ቍጠባ** ነዚ ኣብ ግምት ምእታዉ።



## ቈልዑን መንእሰያትን

ምምዕባል ንናይ VAWG ንቈልዑን ንመንእሰያትን ዚምልከት ናይ ተሳትፎ መደብ ከምኡዉን ንናይ ላምበት ዲሞግራፊ ብዘንጸባርቕ ኲሎም ንኣሽቱ መንእሰያት ምስታፎም ምርግጋጽ።

ቈልዑን መንእሰያትን ካብ ስድራቤቶም ወጻኢ ኣብ ዝኾኑሉ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ዉሕስነት ምዝያድ (ከም ኣብያተ - ትምህርቲ፡ መናፈሻታት፡ መደበራት መጓዓዝያ፡ ኣከባቢ ከምኡውን ብኢንተርነት)።

ምስታፍ ኣብ ናይ ላምበት ሽርክነት ንድሕነት ምሕላዉ ቆልዑ (LSCP) ኦዉዲትን ግምገማን ብዛዕባ እቶም ኣብ ላምበት ዘለዉ ናይ VAWG ግዳያት ዝኾኑ ቆልዑ እዚ ድማ ኣብ መንጎ ኤጀንሲታት ዝግበር ዕዮ ምምዕባልን ከምኡዉን ዝያዳ ዉሕስነት ንምርግጋጽን ከምኡዉን ምድንፋዕ ድሕንነት ቆልዑ።

ነቶም ግዳያት VAWG ዝኾኑ ወይ ብኡ ዝተጸልዉ ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ዘለዉ ቆልዑን ንኣሽቱ መንእሰያትን ሓገዝ ናይ ክኢላታት ናይ ምጥባቕ ኣገልግሎት ዘጠቓልለ፡ ናይ ምምኻርን ናይ ቴራፒካል ስራሓትን ክም ዝተዳለወ ምርግጋጽ

እቲ ጸብጻብ ብዛዕባ እቲ ኣብ ካውንቲ ላይንስ ንዚርከባ ንኣሽቱ ኣዋልድን ብዛዕባ ገበናዊ ምዝመዛን ዘለወን ተሳትፎን ጽልዋን ዚገልጽ ርኽበታትን ርእይቶታትን ኣብ ግብሪ ምዉዓል ።



## ካብ ገበነኛታት ዝመጽእ ጉድኣት ምንካይ

ኣብ ፈለማ ኣብቶም ኣብ ዘበታዊ ዓመጽ ዜተኵሩ ገበናት ኣተኲሮ ዝገበረ ብብዙሓት ኤጀንሲታት ከምኡዉን ብባህላዊ መንገዲ ብቑዕ ዝኾነ ጣልቃ ምትእትታዉ ናይ ገበናት ምትግባር።

ነቶም ግዳያት/ካብቲ ኩነታት ዝደሓኑን ኣወንታዊ ውጽኢት ንምምሕያሽን ነቶም ገበነኛታት ተሓተትቲ ንምግባርን ኣብ ውሽጢ ስርዓት መስርሕ ገበናዊ ፍትሒ እተወሃሃደ ናይ ማሕበረሰብ መልሰ-ግብሪ (CCR) ሞደል ኣማዕብል።

ን ገበነኛታትን ንጎዳእቲ ባህርያቶምን ዝወሃብ ግብረመልሲ ንምምሕያሽ ኣብ ኩሉ ሽርክናታት ዘለዉ ሰራሕተኛታት ኣብ ስልጠና VAWG ዘለዎም ተሳትፎ ምዝያድ።

ብዛዕባ ብሓባር ተተሓሒዙ ዝረኣይ ናይ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ጸገም፡ ወልፊ ናይ ንጥረ-ነገራት ከምኡውን VAWG ዘሎ ርድኢትን ዝያዳ ምምዕባልን ንዕኡ ዝኸዉን ግብረመልሲ ምግባር።

ከም ሓደ ኽፋል ዉጥን ናይቲ ማሕበረሰብ ዚገብሮ ተሳትፎ፡ ብዛዕባ ጐዳኢ ጠባያት ብፍላይ ከኣ ብዛዕባ እቶም ኣብ እተገለሉ ማሕበረሰባት ዝረኣዩ ጎዳእቲ ባህርያት ዘሎ ርድኢት ምእንቲ ኺመሓየሽ ምስቶም ነበርቲ ተማኸር።

ምስ ተበግሶ ጻዕዳ ሪበን ከምኡውን ምስቶም ናይ ቈልዑን መንእሰያትን ዎርክስትሪም ብምትሕብባር፡ ጽልኢ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ ከምኡዉን ጎዳእቲ ጾታዊ ልምድታት ንምዉጋድ ዕላማ ዝገበረ ናይ ምትእትታዉ ዉጥን ሓቢርኻ ኣማዕብልን ኣብ ተግባር ኣዉዕልን።

# ዓወታት ምዕቃን

ናይ VAWG ስትራተጂካዊ ትግባረ ጉጅለ ነቲ ናይ ትግባረ ዉጥን ክትትል ይገብር እዚ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ወኪላት ናይ ወለንተኛታትን ናይ ሕጊ ትካላትን ከምኡዉን ክኢላታት ብተሞክሮ (ብዛዕባ ጾታዊ መሰረት ዝገበረ ጥቕዓት ናይ ሂወት ተሞክሮ ዘለዎም) ብዘካተተ መንገዲ እዩ። እዚ ኸኣ ኵላትና ብሓባር ንዓዪ ኸም ዘለናን ነቲ ስትራተጂ ኣብ ዕላማኡ ንምብጻሕ ዝኾነ ይኹን ዕንቅፋታት ከም እንፈትሖን ንምርግጋጽ እዩ።

**1.** ቍጽሪ እቶም ናብ ማእከል ጋያ ዚመጹ ሰባት ይውስኽ ኣሎ ከምኡዉን ዲሞግራፊካዊ ምስሊ ናይቶም ነዚ ኣገልግሎት ዝረኽቡ ዘለዉ ግዳያት ከምኡዉን ካብዚ ሃስያ ዝተረፉ ሰባትን ከኣ ነቲ ማሕበረሰብ ብዝሓሸ መገዲ የንጸባርቕ ኣሎ

**2.** እቶም ነዚ ኣገልግሎት ዝረኸቡ ግዳያት ኲኑ እቶም ካብቲ ሃስያ ዝተረፉ ሰባት ብዛዕባ ዝረኸብዎ ሓገዝ ኣወንታዊ ምላሽ ይህቡን ዝያዳ ድሕንነት ከም ዝስምዖምን ዝሓሸ ናብራ ከም ዝነብሩን ድማ ይሕብሩን እዮም

**3.** ↑ % ወሰኽ ቁጽሪ ናይተን ኣብዚ ሽርክና ዚርከባ ትካላት ኮይነን ብዛዕባ ንኹሉ ዓይነት VAWG ኣብ ምቍጽጻርን ምላሽ ኣብ ምሃብን ዝያዳ ምትእምማንን ፍልጠትን ከም ዘጥረያ ይጽብጽባ

**4.** ኣብ ምልዉዋጥ ሓበሬታ እተገብረ ምምሕያሻትን % ወሰኽ ናይ እተወስደ ስጉምትታት ብምኽንያት ናይ ኤጀንሲታትዝተኻየደ ናይ ሓደጋ ገምጋም ዋዕላ (MARAC) ጾታዊ ምዝመዛ ከምኡዉን ናይ መጉዳእቲ ፓነል (SEHP)

**5.** እቶም ብዛዕባ VAWG (ገበናት ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ደቅንስትዮን) ናይ ሂወት ተመክሮ ዘለዎም ሰባት ዝተሰምዖም ድማ ውሳነ ኣብ ምንዳፍ ከም ዝተኻፈሉ ከምኡዉን ናይቲ ቀበሌ ዉሳኔታት ክጸልዉ ከም ዝኽኣሉን እዩ

**6.** ብዛዕባ ቕትለትን ከቢድ ጉድኣትን እተገብረ ምርምር ብዓይኒ VAWG ተራእዩ ርእይቶታትን ተሞክሮታትን ከምዝካተት ተገይሩን ዘላቕነት ዘለዎ ምኺኑ ተረጋጊጹን

**7.** ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ውሳነ እተኻፈሉ ኰይኑ ኸም እተሰምዖምን ነቲ ቀበሌ ዝወስዶ ስጉምትታት ናይ VAWG ክጸልዉ ከም ዝኽኣሉ ኮይኑ ከም ዝተሰምዖምን እዩ

**8.** ↑ % ወሰኽ ቍጽሪ ናይተን ኣብዚ ሽርክና ዚርከባ ትካላት ኮይኑ እዘን ትካላት እዚኣተን ድማ ብVAWG ዝተጸልዉ ቈልዑን መንእሰያትን ብዘድልዮም መልክዕ ንነገራት ምምካትን ምላሽ ምሃብን ዘኽእሎም ዝያዳ ምትእምማንን ፍልጠትን ከም ዘቖሰማ ዝጸብጽኦ

**9.** ↑ ወሰኽ ብ % ናብ ፖሊስ ዝተሓበረ ገበን VAWG (ገበናት ኣብ ልዕሊ ኣንስትን ደቅንስትዮን)

**10.** ↓ % ምቕናስ ቁጽሪ ኣንስትን ኣዋልድን ኣብ ላምበት ድሕነት ከም ዘይስምዐን ዝገለጻ

**11.** ብዛዕባ ቕትለትን ከቢድ ጉድኣትን እተገብረ ምርምር ብዓይኒ VAWG ተራእዩ ርእይቶታትን ተሞክሮታትን ከምዝካተት ተገይሩን ኣወንታዊ ጽልዋ ዘለዎ ምኺኑ ተረጋጊጹን

**12.** ↑ % ወሰኽ ቍጽሪ ናይ ክኢላታት ደገፍ ዝረኸቡ ቈልዑን መንእሰያትን

**13.** ↑ % ወሰኽ ቁጽሪ ናይቶም ብናይ ክኢላታት ኣገልግሎት ዝድገፉ ቈልዑን መንእሰያትን መጠን ሓደጋን ጉድኣትን ከም ዝነከየ፡ ዝያዳ ድሕንነት ከም ዝስምዖም ከምኡውን ጥዕናኦምን ድሕንነቶምን ከም ዝመሓየሸ ከም ዝገበረን እዩ

**14.** ↑ % ወሰኽ ቁጽሪ ዉጺኢት ገበናት VAWG (እዚ ገበናት እዚ ዘጠቓልሎ ድማ መቕጻዕቲ፡ ፍርዲ፡ ዉሳኔታት፡ ቅድመ ኹነት ዘለዎ ጥንቃቐታት፣ ሕጊ ክላር ፡ትእዛዛት)

**15.** ↓ % ምቕናስ ቁጽሪ ናይ ተደጋጋሚ በደላት ምፍጻም ብናይ VAWG ገበነኛታት

**16.** ኣብ መስርሕ ኣገልግሎት ፍትሒ ንገበን ዚርከብ ዕግበት ግዳያት ተመሓየሸ

**17.** ↑ % ወሰኽ ገዛእ ርእሶም ናብቲ ኣገልግሎት ዘቕርቡ ከምኡዉን ሪፈር ዝበሃሉ ካብ ዝሰፍሐ ዓይነት ኣገልግሎት ናብ ማእከል ጋያ ዚቐርብ ይውስኽ

